ተሐለቅቲ ህዝቢ ኤርትራ ዶ ተጋሩ
ንሰራቒ ስረቆ መዓት እዝጊ ከወድቆ
ንታሪኽና ኣብ ሕጂ በጺሕና ኣይንጸይቆ
ንዘይ ናቱ ዝምነ ከም ቆልዓ ኣይነሕንቅቆ"

ኣብ ዓላ ናይ ተንኮል በዓቲ ሰሪሑ
ኣብ ሳሕል ንሕና ዕላማናን ኣቃሊሑ
ድሕሪ ነጻነት ዶብ ኣየድልን ጭሪሑ
ብሓይሉ ን30 ዓመት ንኤርትራ መሪሑ"

ቀደም ውን ነሮም ብሸመት ዝተጠበሩ''ንጥልያንን ንእንግሊዝን
ዘጣቕዑ''ንህዝቢ ኤርትራ ከዲዖም ምስ ኢትዮጵያ ዝተጸግዑ''ሽዑ ህዝቢ
ኤርትራ ን30 ዓመት ደም ነቢዑ''ሕጂ ድማ ካህንን መዘምራንን ምስ
ሃውተቱ"ኤርትራዊያን ኣንፈቶም ምስ ሰሐቱ"ዘይነበረ ክንዲ ዓባይ
ትግራይ ምስ ተማጎቱ"ጉጅለ ኢሰያስ ምስ ብልጽግና" ገለ ምስ
ህወሓት"ብደገን ብውሽጥን ከድዓት" ህዝቢ ኤርትራ ረኺቡ መዓት።

ህዝቢ ኤርትራ ብኢሰያስ ምስ ተመርሐ
ብሓይሊ ብረት ንህዝቢ እንዳ ኣፋራረሐ
ውዲት ኣሊሙ ግርጭት እንዳ ኣባለሐ
ሕጂ ኣይኮነን ንዓባይ ኢትዮጵያ ዝሰርሐ"

ገለ ደቂ ሳላሳ ኣርበዓ
ገለ ደቂ ሱሳ ሰብዓ
ምስ ኮኑ ዘርባዕባዓ
ገለን ካብ ሻዓ
ኣይጠለሙን መብጻዓ"

ንጀነቫ ኣውያት ህዝብና ክነስምዕ ምስ ከድና"ደብዳቤና ንሕቡራት መንግስትታት ኣረኪብና"ግብሪ ገዲፍና ንዓመታት ኣብ ዘረባ" ፋሕ ብትን

ኣትዩና”ኤርትራኣዊያን በቲ ዋና ዝሰኣነ ህዝቢ ካብ ንዋራዘ”ደም መንእሰያ እንዳ ወሓዘ”ባሕርናን መሬትናን ዳግማይ ብኢትዮጵያዊያን ከይተታሕዘ”ጸረ ማፍያዊ ጉጅለ ህግደፍ” ትርጉም የብሉን ምስ ኮነ ወየ”ሕጂ ተሳኒና ንዳየ።

ሓሞትና ፈሲሱ ድዩ ደቂ ኤርትረያ
ህግደፍ ባንዴራ ኢትዮጵያ ሒዞም ግያ
ዳግማይ ናብ መጻወድያ
ገለ ድማ ንለውጢ ብህወሓት ይደልያ”

ጭፍራ ህግደፍ ምስ ብልጽገና ቱታ
ደለይቲ ለውጢ ምስ ህወሓት ህውተታ
ሰኣን ስኒት ንዓዲ ጀጋኑ ከነጸልምታ”

ህግደፍ ምስ ብልጽግና ከሐብሩ
ገለ ደለይቲ ፍትሒ ምስ ተጋሩ
ኤርትራዊያን ኣብ ሓደ ስመሩ
ናይ ሐባር ጸላእትኹም ክተባርሩ”

ነቶም ብኤሊት ተጋሩ ዝተመወሉ”ዓባይ ትግራይ ዝሓልሙ” ሓላዊ ወሰን ኣይውኩሉናን ምስ በሎም”እቶም ዝሃውተቱ” ጭፍራ ህግደፍ ብደቀባት”ኣብ ባይታ ምስ ተመከቱ”ንሕና ንሱ”መልሐሶም ምስ ነኸሱ”ህዝቢ ኤርትራ ይኸውን ወናኒ ርስቱ።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን፣ ገጣሚ ዉሽጡ ሕሩር ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቕባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን።